# ሰንበት ዘአስተምህሮ

## ሰነ 21 2018 ዓ.ም (6/28/2026)

### ልብሰ መርዓ ለቢስካ ምምጻእ

**መዝሙር፡** ናክብር ሰንበቶ በጽድቅ...ሰንበቱ ነኽብር ስርዓቱ አይንሕደግ ንአኡ ጥራሕ እዩ ሃሌ ሉያ፥ ጻድቕ እዩ አብ መንግስቱ ኸአ ጽድቂ ይፈርድ፥ ንግሆ ከም ዝወግሕ ይገብር ምስ ወግሔ ኸአ ምሕረቱ ይህበና፥ አምላኽና አምላኽ ድኅነት እዩ ዝስአኖ የብሉን፥ ቃሉ ሓቂ ነገራቱ ዝእመን እዩ። እዚ መዝሙር አብ ወርኢ ኅዳር እውን ይዝመር እዩ።

**ንባባት፡** ፊሊጵ 4፡12-20፥ ፫ዮሓ 1፡1-ፍ፥ (ኢሳ. 25:6-10) ግ.ሓ. 14፡20-ፍ፥ ማቴ 22፡1-14

**ምስባክ:**

አንተ እግዚኦ መሓሪ ወመስተሣህል፥ ርኁቀ መዓት ወብዙኅ ምሕረት ወጻድቅ፥ ነጽር ላዕሌየ ወተሣሃለኒ። ንስኻ ኦጎይታ መሓርን አጸባቕን ኢኻ፥ ካብ መቕጻዕቲ ርሑቕ ብዓል ብዙሕ ምሕረትን ጻድቕን ኢኻ፥ አባይ ጠምት እሞ ምሓረኒ።

ካብ አባ ገሪማ 17 ሰነ ክሳዕ ብአተ ክረምት 25 ሰነ ዘሎ አብ ስርዓት ሉጡርግያና ዘአስተምህሮ ተባሂሉ ይጽዋዕ ሓንቲ ወይ ክልተ ሰናብቲ ዝሓዘ እዩ።

ዕለተ ሰንበት ዕድመና አኽቢርና አብ መአዲ ክርስቶስ ክንሳተፍ ዝተሰርዐት ዕለት እያ። ኩሎም ናይ ሎሚ ንባባትና አብ ቤት አምላኽ ዕዱማት ከምዝኾና እዮም ዝነግሩና። ብፍሉይ ወንጌል ማቴዎስ ብምሳሌ ገሩ አብ መአዲ አምላኽ ዕዱማት ከም ዝኾና እሞ ልብሰ መርዓ ለቢስና ክንቀርብ ከም ዘሎና ይነግረና።

አብዚ ወንጌል ማቴዎስ ኢየሱስ በቶም ቀረባ ደቂ ዓዱ እቶም ነቲ ኩሉ ዘስተማሃሮም፥ ተአምራት ዝገበሮ ርእዮም ምቕባል ናይ ዝአበይዎ እዩ ዝነግረና። እቲ መልእኽቲ ንሊቃነ ካህናትን ዓበይቲ ዓድን ንመራሕቲ ሃይማኖትን ብሓበራ ዝተዋህበ እዩ ነሩ። እቲ ምሳሌ አብ ሰለስተ ዝተፈላለየ ክፍሊ ተመቒሉ ንረኽቦ።

1. ክልተ ዕድመ ናብቶም ክመጽኡ ዝተዓደሙ ተላኢኹ፥
2. ሓባራዊ ዕድመ ንኹሎም ድኻታትን ጽጉማትን ተላኢኹ፥
3. አብ መርዓ ክሳተፉ ከማልእዎ ዝነበሮም ነገርት ከምዘሎን ንርኢ።

ማቴዎስ ዘዘንትወልና ዘሎ ምሳሌ ብዛዕባ መንግስቲ አምላኽን ብዛዕባ እቶም አብቲ መግስቲ አባላት ዝኾኑ እዩ። ብአምሳል ሓደ ንጉሥ ንወዱ መርዓ ዝገብር ይነገረና። አብ ኢሳያስ ነቢይ አብ 25፡6-10 ዘሎ እንተ አንበብና ብዛዕባ አምላኽ ንህዝቡ ኢሉ ዝቕርቦ ዓቢ ምሳሕ ዝነግር ነንብብ። አብኡ ዝበለጸ ዝደረቐ ነቢትን ብስቡሕ ሥጋን አንጕዕን ዓቢ ምሳሕ ከዳልወሎም እዩ። እግዚአብሔር አምላኽ ንንብዓት ካብ ዓይኒ ኹሎም ኽደርዞ እዩ አብኡ ድሕነትን ተስፋ ክህሉ እዩ ምኽንያቱ አድኂኑና እዩ ዝብል ቅድሚ ዘመናት ዝተነበዮ ነዚ ምሳሌ ኢየሱስ ዘስምዕ ንርኢ። አብ ወንጌል ብምሳሌ ክዛረብ እንከሎ ዕሞቕ ምስጢሩ ክንርዳእ ኢሉ ዝገብሮ እዩ።

**ዕድመ ኣብ መአዲ ኣምላኽ፡**

ኣብዚ ምሳሌ እቲ ንጉሥ ንኣገልገልቱ ኣብ መርዓ ወዱ ክሳተፉ ክዕድሙ ኣብ ኩሉ ይሰዶም። እዚ እቲ ኣምላኽ ኣብ ብሉይ ኪዳን ንቡዙሓት ነብያት ኣምላኽ በብእዋኑ ንህዝበ እስራኤ ኣብ ፍቕሩን ኣገልግሎቱን ክነብሩ ኢሉ ዝሰዶም ዝነበረ እዩ ዘመልክት። እንተ ኾነ ክመጽኡ ዕድሚኡ ከኽብሩ ኣይከኣሉን።

ካልኦት ልኡኻት ሰዲዱ፥ እንሆ መአደይ ኣዳልየ ኣሎኹ፥ ኹሉ ተዳልዩ እዩ ንመርዓ ንዑ ኢልኩም ነገርዎም ኢሉ ልኢኹ። ኩሉ ጊዜ ኣብ ቅ. መጽሓፍ እንተ ተመልከትና ኣምላኽ ክጽውዕ እንከሎ ቅልጡፍ መልሲ ይደሊ። ንመጸዋዕታ ኣምላኽ ክንምልስ እንከሎና ሕጂ ኢና ክንምልስ ዝደልየና ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ክሓስበሉ ዝብል ኣብ መጸዋዕታ ኣምላኽ ኣይሰርሕን እዩ። ብቕጽበት መልሲ ክትህብ ኩሉ ጊዜ ነቒሕካ ምንባር የድሊ። ኣብዚ ዝተነበና ወንጌል ግን ከምኡ ኣይኮነን ዝኸውን ዘሎ። እቶም ዝተዓደሙ ኣብቲ ዕድመ ኣይግደሱን፥ ብኽልተ መገዲ ዘይምግዳሶም ይገልጹ፥ ኣብ ዓለሞም ጥራሕ ይግደሱ ናይ ካልእ ኣይግድሶምን ዳርጋ ንኣኻ ዝኸውን ጊዜ የብልናን ይብሉ፥ ብኻልእ ከኣ ነቶም ሉኡኻት ንጉሥ ጎዚዞም ኣዋረድዎምን ቀተልዎምን።

ኣብ ርእስና እንተ ተመለስና ክንደይ ካባና እዮም ከምቶም ቀዳሞት ዝኾና? ክሳብ ክንደናይ ኣብዚ እዋን ንመጸዋዕታ ኣምላኽ ልብና ዓጺና ኣብ ኹሉ ውራይናን ጥቅሚ ርእስናን ቀዳምነት ሂብና ኣብቲ ንዳሕራይ ዋሕስ ክኾነና ዘይ ክእል ነገራት ጥራሕ ኣድሂብና እንነብር ዘሎና?

እቲ ንጉሥ ነቶም ልኡኻቱ ዘወረዶም ምስ ሰምዐ ወተሃደራቱ ልኢኹ ነቶም ቀተልቲ ኣጥፍኦም ከተማኦምውን ኣንደደ። እዚ ምናልባት ማቴዎስ ምስቲ ኣብ 70 ዓ.ም. ብሮማውያን ወተሃደራት ኣብ ልዕሊ ኢየሩሳሌምን ህዝባን ዝወረደ ከተሓሕዞ ኢሉ ዝብሎ እዩ ዝመስል። ኣብዚ እዋን እንተ ረኣና ሰበኽቲ ወንጌል ኣብ ብዙሕ ቦታታት ይእሰሩ ይሳቐዩን ኣብ ገለ ኸኣ ይቕተሉን ኣለዉ።

ቀዳሞት ዕዱማት ምምጻእ ምስ ኣበዩ ካልኦት ልኡኻት ሰዲዱ ኣብ ቀራና መገዲ ከይዶም ዝረኸብዎ ክዕድሙ ይልእኮም ምኽንያቱ መርዓይ ተሰናድዩ እዩ ዘሎ ይብሎም። ኣብዚ እውን ነቲ መጸዋዕታ ንጉሥ ከኽብሩ ይሕተቱ። እቶም ልኡኻት ኣብ ሃብታማትን ዓበይቲ ዓድን ኣይኮኑን ዝልኣኹ ኣብ ኩሉ ቀራና መገዲ ከይዶም ዝኾነ ሰብ ክዕድሙ ይነግሮም። ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ኣብ ኣፍደገ ከተማታት ብዙሓት ሓፋሽ ህዝቢ ከምኡ ድኻታትን መኽፈልቲ ቀረጽን ዝሩጋትን ኩሎም ብኹሉ ዝተጸልኡ ነጋዶን ኮታስ ኩሎም ንዑቓትን ይርከቡ ነሮም፥ ስለዚ እንታይነቶም ብዘየገድስ ኩሎም ጥዑያትን ዘይጥዑያትን እቲ ዳስ መርዓ ክሳብ ዝመልእ ክዕደሙ ንጉሥ ልኡኻቱ ለኣኸ።

ኣብዚ ሕሩይ ህዝቢ የለን ከምኡ ፍሉያት ዓበይቲ ዓዲ ዕዱማት የለዉን። እዚ ኣምሳል እታ ክርስቶስ ዝሰርዓ ቤተክርስትያን እዩ ማለት ቤተ ክርስትያን እንታይነቶም ብዘየገድስ ንኹሉ ኣብ ሕቑፋ ከምጽኡ ትዕድም እያ። ቤተ ክርስትያን ቅድሚ ሕጂ ነራ ድሕሪ ሕጂ እውን ክትነብር እያ ቤተ ክርስትያን ናይ ቅዱሳንን ኃጥኣንን እያ። ሓደ ነገር ኣሎ ኩሉ ጊዜ ክንዝክሮ ዘሎና ኣብ ቤተ ክርስትያን ሓደ ፈተና ኣሎ ንገለ ሰባት ቀዳምነት ወይ ኣልዕል ኣቢልካ ምርኣይ ወይ እውን ብትሕዝቶ ገንዘቦም ምኽባር፥ ንገለ ኸኣ ኣንእስ ኣቢልካ ምርኣይ ሓደ ኩሉ ጊዜ ንቤተ ክርስትያን ድኹም ጎኒ ዝገጥማ እዩ። ብርግጽ ጥዑያት ውፉያትን እሙናትን ኣባላት ጥራሕ ክህልዉ ጽቡቕ እዩ እንተ ኾነ እዚ ነቲ ፍቕሪ ኣምላኽ ናብ ኩሉ ዝበጽሕ ዝውክል ኣይኮነን። ከምዚ ዝበለት ቤተ ክርስትያን ካቶሊካዊ መልክዕ የብላን ከምኡ ናይ ኩሉ ቤተ ክርስትያን ኣይኮነትን። ባህሪ ቤተ ክርስትያን ብኹሉ ዝቖመት እያ ብጻድቃንን ኃጥኣንን።

**ተጻራሪ ነገራት፡**

አብ ኩሉ ቀራና መገዲ ከድኩም ንዝኾነ ዝረኽብክምዎ ዓድሙ ኢሉ ከብቅዕ ሓደ ልብሰ መርዓ ዘይለበሰ ዕዱም አብ ዳስ ምስ ረአየ ወዮ ዓዳሚ ንጉሥ ክቐጽዖን አብ ቦታ ውርደትን ስቓይን ክወስድዎ ክእዝዝ ንርኢ እዝስ ዝጸረርዶ አይ መስልን? አብዚ ብዙሕ ክንሓስብ ክንሓትትን ንኽእል እዚ ሰብ አብ ሥራሕ ጸኒሑ ንገዝኡ ክአቱ እንከሎ ንዓ አላግስ ዕዱም ኢኻ ኢሎሞ ይኾኑ ወዮም ዓደምቲ ወይ እውን ድኻ ጽጉም ዘላቶ እታ ተኸዲንዋ ዘሎ ጥራሕ ክትከውን ትኽእል እያ ስለዚ ስለምንታይ ልብሰ መርዓ ክኽደን ተደልዩ። አብዚ ክንርድኦ ዘሎና እዚ ምሳሌ ፍልይ ዝበለ መልእኽቲ እዩ ዘመሓላልፈልና፥ አይሁድ ንቃል ነብያት ከምኡ ንትምህርቲ ኢየሱስ ነጺጎሞ ስለዚ አብ ቦትኦም ካልኦት ድኻታትን ዝሩጋትን አረመንን ተዓዲሞም። አብ መርዓ ክትዕደም እንከሎኻ ልብሰ መርዓ ክትለብስ ይግባእ እምበር ምስ ረሳሕን ጨርቃም ክዳን አብ መርዓ ክትመጽእ ክብረት የብሉን፥ እዚ ነቲ ዝዕድመካ ዘሎ ዘይምኽባርን ከምኡ ነቶም ምሳኻ ዝተዓደሙ ዘይምኽባርን እዩ።

ኩሎም አብ መርዓ ዝተዓደሙ ከም ዕዱማት መርዓ ክኾኑ ግድን እዩ። አብ ግብሪ ክንርእዮ ከሎና ቤተ ክርስትያን አፍደጊአ ንኹሎም ጻድቃንን ኃጥአን ከፊታ እያ እትጽበዮም፥ እንተ ኾነ እቲ ኃጢአተኛ አብ ቤተ ክርስትያን ክአቱ ብወገኑ ክገብሮ ዝግብኦ ምስንዳውን ከምኡ ንስሓ ኃጢአቱን ክገብሮ ዝግብኦን አለዎ። ካብቲ መስመር ስሒቱ ዘሎ ሕይወቱ ወጺኡ አብ አምላኽ ዝምለሰሉ ድለትን ጻዕርን እንተ ዘይአርእዩ አብ መርዓ ክሕወስ አይግብኦን። ኢየሱስ ንኹሎም ኃጥአንን መኽፈልቲ ቀረጽን ዝሩጋትን ክቐበሎም እንከሎ ሱቕ ኢሉ በቲ ዘለውዎ ሕይወት ክቕጽሉ ኢሉ አይኮነን ክንስሑን ካብቲ ዘለውዎ ሕይወት ክወጽኡ እሞ ሓዲሽ ሕይወት ክለብሱ ኢሉ እዩ። እምነትካ አሕውያትካ፥ ካብ ሕጂ ንድሓር አይትአብስ፥ ንዓ ሰዓበኒ ክብሎም እንከሎ ንሓዲስ ጉዕዞ ሕይወትን እምነትን እዩ ዝጽውዖም ነሩ።

አብ መወዳእታ እታ ምሳሌ ብሓደ ንጹር መልእኽቲ ትውድእ። ጽዉዓት ብዙሓት እዮም ኅሩያት ግን ውሑዳት እዮም። ዘሕዝን ሓቂ እዩ ነፍሲ ወከፍ አብ ሕይወቱ ፍቕሪ አምላኽ ከስተማቕር ዕዱም እንከሎ ውሑዳት ጥራሕ አብ ሕይወቶም አወሃሂዶሞ ይነብሩ። ዝበዝሑ ነቲ ዋሕስ አለዎ ኢሎም ዝሓስብዎ ድሕሪ ገንዘብ፥ ድሕሪ ረብሓ ሥጋ፥ ምቾት ዓለም፥ ስልጣንን ግዝአትን ካልእን፥ ክጎዩ ይርአዩ። እዚ እዩ ብዙኃት ደድሕሪኡ ዝጎዩ ወላ እኳ ዘይምቕሳንን ስቓይን ዝበዝሖ ምኺኑ እናተፈልጠ እንከሎ።

አብ ማሕበር ክርስቶስ ምሉእ አባልነት ክህልወና መምዘኒ ነገራት ግድነት እዩ። አባላት ቤተ ክርስትያን ዘብለና መጀመርያ ምልክት ምስክርነት ወንጌል ክንለብስ አሎና። ሓደ ዘይንሳሕ ወይ እውን ህዝባዊ ኃጢአት ዝገብር ማለት ከም አብ ግብረ ሽበራ ዝሕወስ ንብዙሓት ንጹሓት ሰባት ብዘይ ሓደ ምኽንያት ዝቐትል አባል ቤተ ክርስትያን ክኸውን አይኽእልን እዩ። ከምዞም ዝአመሰሉ አብ መአዲ ክርስቶስ ክሳተፉ እንከለዉ ምርኻስ መአዲ ክርስቶስ እዩ።

ልብሰ መርዓ አብዚ ምሳሌ ዘስምዖ ዕዱም መርዓ ዝሓለፈ ሕይወቱ ብዘየገድስ ግን አብዚ እዋን ንክርስቶስ ለቢሱ ዘሎ እዩ ዘመልክት። ከምዚ ዝአመሰለ ሰብ ብጥምቀት ከምኡ ብኻልእ ምስጢራት ገሩ አብ መአዲ ክርስቶስ ዝሳተፍ እሞ አብ እምነትን ትምህርትን ክርስቶስ ዝዓቢ እዩ። እዚ አብ ሕይወቱ ቀስ ብቐስ እናዓበየ ዝኸይድ እዩ።

## ስለ ዝተዓደምና ክነምስግን ይግባእ።

መጀመርያ ነዚ ኹሉ ዝሰማዕናዮ አብ ግምት ብምእታው ክንገብሮ ዝግብአና ነቲ አብ መአዲ መርዓ ንዝዓደመና አምላኽ ምምስጋን እዩ። ፍልጠትን ተመክሮን አብ አምላኽ በቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘስተምሃረና እሞ ዝተዋህበና እምነትን አባላት ቤተ ክርስትያን ብምኺና ዝረኸብናዮ እቲ ዝበለጸን ዝዓበየን ህያብ አብ ሕይወትና እዩ። እዚ እንተ ዘይኮነ ዝስምዓና ዘሎ ንአምላኽ ዝበለጸን ዝዓሞቐን ርድኢት ኢየሱስ ንአና እንታይ ምኺኑን አብ ሕይወትና ዘምጽኦ ትርጉምን ሓጎስን ክርድአና ክንልምኖ አሎና።

ካልኣይ ክነስተንትኖ ዘሎና ኣብ መርዓ ካብ እተዓደምና ልብሰ መርዓና ክሳብ ክንደይ ጽሩይ እዩ ዘሎ ክንርኢ ኣሎና። ክሳብ ክንደይ እየ ንርእሰይ ኣብ ፍቕርን ኣገልግሎትን ንኢየሱስን ንህዝቡን ኣወፍየ ዘሎኹ? ክሳብ ክንደይ ኢና ጽሩያት ኣባላት ቍምስናና ክንብሃል እንኽእል። ክሳብ ክንደይ ኢና ሓቀኛ ምስክርነት ንኹሉ እምነትናን ትምህርቲ ቤተ ክርስትያንን ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ማሕበር እንምስክሮ? ኣብ ርእስና ጠሚትና መርሚርና ሕልናና እና ረአና ክሳብ ክንደይ እየ ኣብ ጠባየይን ኣብ ተግባራተይን ምስ ትምህርቲ ወንጌል ዝጻረር ደፊረ ዝገብር ዘሎኹ ኢልና ክንሓትት ይግብኣና። ኣብ ቅኑዕ ሕልና ተመርኲስ ንልብሰ መርዓይ ቀጺለ ክኽደኖ እኽእል እየ ወይስ ኣብ ሓሶት እየ ዝነብር ዘሎኹ?

ሳልሳይ ሓደ ክንርስዖ ዘይብልና ነገር ኣባላት ቤተ ክርስትያን ስለ ዝኾና ክንገብሮ ዝግብኣና ነገራትን ምስክርነትን ከምኡ ሕድገት ኃጢኣት ካብ ኣምላኽን ማህበር ክርስቶስን ክንቅበል ኲሉ ጊዜ ክፉት እዩ። ንዕድመ ኣምላኽ ኣቢና ኣብ ካልእ ኣብ ዝሃውተትናሉ ሓንትስ ክንምለስ ንድለ እምበር ኣፍደገ ምሕረት ኣምላኽ ካባና ርሑቕ ኣይኮነን።

ናይ ሎሚ ሰንበት ንባባትና እምብኣር ኣምላኽ ንኣና ኢሉ ዘሰናደዎ ዝተፈላለየ ጽቡቕ ነገራት ከምዘሎ የዘኻኽሩና። ነፍስወከፍና ዝሓለፈ ተግባራትና ብዘየገድስ ሓደ ዓይነት መጻዋዕታ ኣብ መኣዲ ኣምላኽ ክንቀርብ ተዋሂቡና ኣሎ። እንተ ኾነ ኣብ መጀመርያ ንመጻዋዕታ ኣምላኽ መልሲ ስለ ዝሃብናሉ ንነገራት ከም ግንዖት ክንርእዮም የብልናን። ኣብ ርእስና ክንተኣማመን ሓንቲ ዋሕስ የብልናን። ንርእስና እና ኣጠፋፉእና ከም ንፉዓትን እሙናትን ካቶሊካውያን ሓሲብና ነቲ ብላዕሊ ላዕሊ ጥራሕ ዝርአ ሓቂ ዘይብሉ ሕይወትና ኣሚና ክንዓግብ የብልናን። ኣብ ገለ እዋን ብስም ሰንበት ቤተ ክርስትያን ከድና ብስም ግቡእ ቤተ ክርስትያን ፈጸምና ዋሕስ ሒዝና ኣሎና ማለት ኣይኮናን። ንብዙሓት ግዳማዊ ሕይወትሞ ጥራሕ ዓርዮም ብውሽጦም ግን ግዙኣት ሰይጣን ዝኾኑ ኣለዉ ስለዚ ሎሚ ኣብ ውሽጥና ኣቲና ሕልናና ክነጽሕ እሞ ሓቀኛ ልብሰ መርዓ ለቢስና ኣብ መኣዲ ኣምላኽ ክንቀርብ ኣሎና።

ንርእስና ክነጠፋፍእ ከሎና እንኽስር ንሕና ኢና ኣምላኽ ኣይኮነን ዝኽስር። ስለዚ ንልብሰ መርዓና ብንጽሕናን ብዘይ መንቅብን ሒዝና ክንክእል ክንጽሊ፥ እሙናት ኣርድእቲ ኮና ንዝሰማዕናዮን ንዝተመሃርናዮን ቃል እምነትና ፈጸምቲ ክንከውን ይግብኣና። ንዓሚቕ እምነትን ፍቕርን ክውሃበና ከምኡ ዝበለጸ መንፈስ ኣገልግሎትን ሓላፍነት ዝመልኦ ኣብ ማሕበርና ክህልወና ክንጽሊ ይግብኣና።

ንዓዳሚ ኣምላኽ ዕድሚኡ ኣኽቢርና መጺአ ኣሎኹ ንኹሉ ድኽመተይ ኃጢኣተይ ኀደገለይ ንበሎ ንእኡ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ